# መንግስቲ ዓባይ ብሪጣንያ ይኹን ካልኦት ንገበርቲ ግብረ ሽበራን ገበነኛታትን ኣብ ሕጊ ከቕርባ ግዴትአን እዩ።

ክቡር ኣንባቢ፡ ናህሪ ስጉሚ ማእዝን ሰላም ዝዓሰሎ ኤርትራ ንልምዓት ምስ ሓድነት ህዝቢ ራዕዲ ፈጢሩ፡ ዕላማ ጸረ-ኤርትራዊ ራዕድን ሽበራን ብስም ጉልባብ ዲሞክራሲ፡ ቅዋም፡ ናይ ፖለቲካ እሱራት ይፈትሑ ብዝብል ቦኻርያ ግን ቖርበት በጊዕ ተኸዲንካ መጀመርያ ንህዝቢ ኤርትራ ብካልኣይ ንህዝቢ ዓለምን ከተደናግርን ካብ ገበንካ ንምህዳም ዝግበር ዝናደየ ናይ ኣርባዓታት ሜላ ብምሕዳሽ መስርሕ ህንጸት ናህሪ ሃገር ምዕንቃፍን ኤርትራዊ ኩርዓትን ሞራልን ምስባርን እዩ። ህዝቢ ዓለም ብዛዕባ ኤርትራ ዘለዎ ኣረኣእያ ብጸሊም ቐቢእኻ ንመሰሉ ንከይጣበቕ የዐዊርካ፡ ንህዝቢ ኤርትራ  ኣብ ዘይውዳእ ናይ ድኽነትን ናይ ኹናትን ዓንኬል የእቲኻ ጅሆ ገርካ፡ ሃብቲ ሃገሩ እናመጸኻ ንዘልኣለም ግዙእ ኮይኑ ንኽነብር ምግባር እዩ።

ኣብ ኣርብዓታት ሃይለስላሴ ብሓገዝ ብሪጣንያ ኣፍደገ ባሕሪ ንምርካብ ኣብ ኤርትራ ኢዱ ብምእታው ንድልየት ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ሃገሩ ብሓይሊ ንምዕምጻጽን ንምቑጻይን፡ ንህዝቢ ኤርትራ ሓድነቱ ንምዝራግን ንምድኻሙን ዝኣለሞ ቁጽሪ ዘይብሎም ውዲታት፡ ንብረት ዚዘምቱን ዚቕንጽሉን ሸፋቱ ዓዋሉን ራዕዲ ዝፈጥሩ ምዕጣቕን ምውፋርን እከይ ሜላ ስርሐይ ኢሉ ሰሪሕሉ። ማእለያ ዘይብሉ ህይወት ንጹሃት ኤርትራውያን ድማ የሕሊፉ። ብሰንኪ'ዚ ካልእን ድሕሪ ሓምሳ ዓመት ናጽነቱ ረኺቡ።

ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ብኸቢድ መሪርን ነዊሕን ናይ ኩለን ዘራያት ምትእትታውን ሽርሕን ብመሪር ቓልሲ ጥምየት ዕርቃን መስዋእቲ ከይተሓለለ መስገደል ሰጊሩ ብጽንዓት መኺቱን ስዕሩን ስለ ዝረኸቦ ድርብ ስሕለት ፈጢሩሉ ድርብ ጎሪሑ። ናጽነቱ ናይትኳቦ ስለ ዘይኮነ ኣብ መስርሕ ህንጸት ሃገር ስድሪ ብስድሪ ክጉዓዝ ንዘጋጥምዎ ዝተፈላለዩ መሰናኽላት በዲሁ ከይተጋየሸ  ክጓዓዝ ምርኣይ ዘገርም ኣይኮውንን።

ታሪኽ ይደጋገም እዩ ይበሃል። ነዞም ናይ ሽበራን ራዕድን መንሽሮ ተዋፊሮም ዘሎዉ ሕማቓት ብኣጸብዕ ዝቑጸሩ ዑሱባት ወረስቲ ተቐበልቲ ሕድሪ ሸፋቱን ዓዋሉን ናይ ኣርባዓታት። ንሃገራውያን እንተተመሰለሎም ከርዕዱ እንተዘይ ኮነሎም ንሃብታም ኩሩዕ ኤርትራዊ ባህሊ ከነውሩ ከጸልሙ  ብትእዛዝ ባዕዳውያን ካብ ዝዋፈሩ ዓመቶም የሕሊፎም ኣሎዉ።  ህዝቢ ኤርትራ ምልክትን ዓቕልጽበትን ናይ ዝኸሰረ ባህርያት ኢሉ፡ ዓሕ ጡፍ ኢሉሎም፡ ንዕቕዎ።

ዳርጋ መብዛሕቶም ስራሕ ኣልቦ ብዙሕ ኣፍልጠ ዘይብሎም ተንቲቶም ከም በጊዕ ዝመጹ እዮም። ልክዕ ከም ጭፍራ ደማሙ ኣብ ዑሱብ መንፈስ ጠልቒኻ እናፈራሕካ ሰብኡት ኣብ ዘይብሉ ሰዓት ኣጽኒዕካ ነቲ ብሰላሙን ብዘይሓለዋ ንህዝቢ ክፉት ብዘይፈተሻ ዝእቶ ምኳኑ ዝፍልጥ ውጽኢት መስዋእቲ ኩቡር ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ኤምባሲታትና ኣዘንጊዕካ እናኣተኻ ክትርብሽ ክትደፍር ንብረት ከተዕኑ ወረቐት ክትልጥፍ ንሰራሕተኛታት ደቂንስትዮ ከተፈራርሕ ረሳሕ ግዑዝይ ዘሕፍር ሰራሕ ምስራሕ፡ ከም ጅግንነት ተወሲዱስ ብሞባይል ቀዲሕካ ንላኣኺኻ ንምሑጋስ ኣብ መርበባት ምዝርጋሕ።

ሕቶ ፖለቲካ ኩልግዜ ነባሪ እዩ። ዕግበትን ድልየትን ወድሰብ ደረት ስለ ዘይብሉ፡ ፍልልያት ኩልግዜ ክህልዉ ግድን እዩ። ትማሊ፡ ሎሚ፡ ጽባሕ ነይሮም ኣለዉ ክህልዉ እዮም። ኣብ መስርሕ ጉዕዞ ህንጸት ሃገር ጉድለታትን ጌጋታትን ክህልውዎ ባህርያዊ እዩ። መስርሕ ስለ ዝኾነ። ብስርዓት ብሕግን ንኻልኦት ናይ ደገ ጸላእቲ ፍናን ብዘይህብን ልዕላውነት ሃገር ብዘይደፍር ንኹሉ ሕጽረታት ግዜ ዓቕምታት ኣብ ግምት የእቲኻ ብኽብረት ሕቶኻ ይኹን ሪኢቶኻ ምቕራብ መሰል ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ እዩ። ኤርትራዊ ምዕቡል ክቡር ተቓላሳይ እዩ። በጃኹም ታሪኹ ኣይትበርዝዎ፡ ወናኒ ታሪኽ ክቡር ድሙቕ ብርሃን ኾኾብ ቃልሲ ስለ ዝኾነ። ኣይገርምን ንዝተገብረ ጉዕዙይ ዘሐፍር ዘይሕጋዊ ገበን ግብረ ሽበራ ለኣኺ'ውን ኣይሓመቐን ናይ ዓረብ ቀውዒ ጠሚቑ ሕልሙ እንተሰመረሉ ከም ዓቢ ዜና ብማእከናት ዜና ምዝርጋሕ ኣይሓመቐን። ብድሕሪት መን ከም ዘሎ ምርድኡ ኣየሸግርን።

እዚ ጉዳይ ብዓይኒ ሕጊ ክንርእዮ ይግባእ፡ መንግስቲ ዓባይ ብሪጣንያ ንዞም ገበርቲ ግብረ ሽበራ ብመሰረት ውዕል ቪየና 1961 ንኤምባሲ ክትከላኸል ንገበነኛታት ኣብ ሕጊ ክተቅርቦም ግዴታኣ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኤምባሲታት ብኽብረትን ብሕግን መሰረት ስለ ዝሕዘሎም። እኹል ብተንቀሳቓሲ ስእሊ ምስ ድምጺ ዝትቀረጸ መርትዖ ስለ ዘሎ፡ ናይ ፓሊስ ግደውን ርዱእ ይኸውን። እንተዘይኮይኑ ዓባይ ብሪጣንያ ነቲ ኣብ ዝባን እንግድዓ ኩሉ ኤርትራዊ ዘሎ ዝፈጸመቶ ዓቢ ገበናት ናይ 40ታት ትድርበሉ ስለዘላ ማንም ኤርትራዊ ክጻወሮ ናብ ዘይክእለሉ ሓደገኛ ደረጃ ክሰጋገር ምኻኑ ኣቐዲምካ ምርዳእ የድልይ።

ክቡር ፈታዊ ሃገር ኤርትራዊ፡ ኩሉ ተቐማጢ ዓባይ ብሪጣንያ ይኹን ኣብ ካሊእ ዓለም ዝርከብ ነዞም ብፍላጥ ይኹን ብዘይ ፍላጥ ዑሱባት፡ እግሪ እግሮም እናሳዓበ ብዓይኒ ሕጊን ሞራልን ብዝርድኦም ቛንቛ መቕጻዕቲ ነፍሲ ወከፍ ይዕበይ ይንኣስ ነውራም ስርሖም ዝግብኦ ደሞዝ ክህቦ፡ ዝተወደባ ኣካላት ህዝቢ ይኹና ብውልቂ ነዚ ግብረሽበራ ኣቐዲመን ሸለል ከይበላ ብዝከኣለን ክምክትኦ ክሰርሓሉን ይግባእ።

*ኣብ መጨርሽታ ከም ጅግና ኣቦና ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም ዝበልዎ " ህዝቢ ኤርትራ ባዕሉ ብገዛ ቕልጽሙ ዘውዲ ደፊኡ ዝርከብ ዘሎ እዝጋብሄር ባሪኹሉ እዩ'ሞ ነዛ ዘውዲ ዝትንክያ ወይልኡ"*

ይዕበ ይንኣስ ዳንኬራ ሓሶትን ግብረ ሽበራን መሊሱ መሐየሊ ውድባዊ ዓቕሚ ዘይጽዓድ ህዝቢ ኤርትራ እዩ።

**ሕጂ' ውን ከም ትማሊ ሎሚ ጽባሕ ሃገር ቅድም!**

ኢሰያስ ሃይለ - ዓባይ ብሪጣንያ

30/1/2013